ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር ማለት ኣንታይ ማለት እዩ?

※ መሠረት ክርስትያናዊ ሥነ ምግባር እንታይ እዩ?

※ ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር ብኸመይ ይግለፅ?

ንዞም ሕቶታት እዚኣቶም ብቐሊሉ ንመልከት።

※ ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር ማለት፣ ቃሉ ግእዚ ኾይኑ፣ ብሠለስተ ዓበይቲ ነገራት ዝተጠቓለለ ሓረግ ምኻኑ ንርኢ። ንሳቶም እውን፣

1ይ ፣ክርስቲያን። 2ይ፣ ሥን ። 3ይ፣ ምግባር። ዝብሉ ቓላት እዮም።

1ይ፣ ክርስቲያን።

ክርስትያን ማለት፣ ሀ/ ጥሙቕ፣ ብጥምቀት ብዳግም ልደት ሃብተ ውልድና፣ ስመ ክርስትና ዝረኸበ፣ካብ መንፈስ ቅዱስ ብምውላዱ ውሉድ እግዚኣብሔር፣ ወናናይ መንግሥተ እግዚኣ ብሔር ምኻኑ ዘረጋገፀ። (ዮሐ፡ 3 ፡ 1 -8 )

ለ/ ብወልድ ውሉድ፣ ብክርስቶስ ክርስቲያን ዝተብሃለ፣ ውሉደ እግዚኣብሔር ናይ ምኻን ሥልጣን ዝረኸበ። ( ዮሐ ፡ 1 ፡ 12 )

ሐ/ ውሉድ ክርስቶስ፣ ናይ ክርስቶስ ኣካል፣ ወራሳይ ተስፋ። ( ማቴ፡ 25 ፡ 34። 8፡17።ገላ፡4 ፡7 ፣ 3 ፡ 26- 29ት )

መ/ ውሉደ ሕይወት፣ ድሕሪ ሞት ብኽብሪ ዝትንሥእ፣ ዳግም ዘይመውት፣ ከም መላእክቲ ብቅድስና ዝነብር።ኽቡርን ቅዱስን ስም ማለት እዩ።( ሉቃ፡ 20፡ 36 )

2ይ፣ ሥን። ሥን ማለት፣ መልክዕ፣ገይፂ፣ ሽልማት፣ ፅባቐ፣ ሕያዋይነት፣ ርኅሩኅነት፣ሠናይ ማለት እዩ። ማቴ ፡ 5 ፡ 16። ያዕ ፡3 ፡ 13 – 18 )

2

3 ይ፣ ምግባር ( ተግባር )

ሠናይ ምግባር (ተግባር ) ፣ ቅኑዕ፣ ሓቂ ፣ ሃይማኖት ክርስትና ብዝፈቕዶ፣ብዝእዝዞን ብዝደ ልዮን መሠረት ዝፍፀም፣ ናይ ክርስትና ሕይወት ተግባር እዩ።ምኽንያቱ’ውን፣ ብተግባር ዘይግለፅ ሃይማኖት፣ ጥቕሚ ዘይብሉ፣ ሥጋ ብዘይ መንፈስ ምውት ካም ዝኾነ፣ እምነት ብዘይ ተግባር ሙውቲ ስለዝኾነት እዩ። “ትፈቅድኑ ታእምር አ

ብእሲ ኣብድ፣ ከመ ሃይማኖት ዘእንበለ ምግባር ምውት ይእቲ። ኣታ ዓሻ ሰብ እምነት ብዘይ ተግባር ዝሞተት ምኳና ኽትፈልጥዶ ትደሊ ?” --- ። ( ያዕ ፡ 2 ፡ 14 – 26 ። ማቴ ፡7 ፡ 21 - 23 )

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቕሰ፣ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር ዝብል ሓረግ ብሠለስተ ቓላት ኸፈልና ርኢናዮ

ኢና። ትርጉሙውን እንታይ ከም ዝኾነ ተገሊፁ እዩ። ካብዙይ ብምቕፃል፣ ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር

ዝብል ትምህርቲ ክቕፅል እዩ።

※ ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር።

ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር፣ ክርስቲያን ዝኾነ ኹሉ፣ ምእመን፣ ካህን ይኹን ኻልእ ኣገልጋሊ ክኽተሎ

፣ኽሠርሖ፣ ክፍጽሞ ዝግባእ ቅኑዕ፣ ቅዱስ፣ ፍሉይን ፣ዘለዓለማዊ ኽብሪ ዘጐናፅፍ፣ እግዚኣብሔር

ዝሕጐሰሉ ተግባር ማለት ምዃኑ ንርዳእ። ※ ቅዱስ

ጳውሎስ፣ ንደቀመዝሙሩ ንቲቶ እንትጽሕፈሉ፣ኸምዙይ ይብሎ።

“ከመ ንጽደቅ በጸጋሁ ወንረስ ተስፋ ሕይወት ዘለዓለም፣እፈቅድከመ ትምህሮሙወታጽንዖ ሙ።

ብጸጋኡ ጸዲቕና፣ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ወረስቲ ምእንቲ ክንከውን፣እዚይ እሙን ነገር ስለ ዝኾነ፣

ነቶም ብእግዚኣብሔር ዝኣምኑ፣ ሠናይ ግብሪ ንምግባር ምእንቲ ኸተግሁ፣ ነዙይ ኣፀቢቕካ

ክትምህሮምን ኸተፅንዖምን እደሊ።” ( ቲቶ ፡ 3 ፡ 1 – 11 ) ※ክርስቲያናዊ ሥነ

ምግባር፣ ብእምነት ፀኒዕኻ፣ተስፋ ሰኒቕካ፣ናይ ኽፋት ጉልባብን ዘየድሊ ምኽንያትን እንተይሓወስካ፣

ፍቓድ እግዚኣብሔር እትፍጽመሉ ናይ ቅድስና ተግባር እዩ።

※ “ሠናይ እናገበርኩም ናይ ዓሻታት (ሰነፋት) ከንቱ ዘረባ ስቕ ኽተብሉ ፍቓድ እግዚኣብሔር

እዩ’ሞ፣ ከም ኣገልገልቲ እግዚኣብሔር፣ብሓርነት ንበሩ እምበር፣ ነቲ ሓርነትስ መጐልበቢ ኽፍ ኣት

ኣይትግበርዎ።” ( 1ይ ጴጥ ፡ 2 ፡ 15 )

※መግለፂ ክርስቲያናዊ ሥነ ምግባር እንታይ እዩ? ንዝብል፣ ዝወሃብ ትምህርቲ፣ ሰፊሕ ጊዜ ዝድልዮ

እንተኾነውን፣ ኣብዙ ናይ ሀዚ ትምህርትና ግና፣ኣብዞም ዝስዕቡ ርእስታት ጥራሕ ጠመተ ኽንገብር

ኢና። እንሪኣን ነጥብታት እውን፣ ኣብ ልዕሊ ምንተንግበር ብዝብል ቅኑዕ ልቢ ዝምሥረቱ ፍጻመታት

እዮም። ንሳቶምውን፣ 1 /ሕጊ

ምሕላው። “ምንተ እግበር ፣ --- ናይ ዘለኣለም ህይወት ክወርስ እንታይ ሰናይ ግብሪ ኽገብር ? በሎ።

ኢየሱስ ከዓ፣--- ናብ ህይወት ክትኣቱ እንተ ደሊኻስ ትእዛዛቱ ሓሉ። --- ኣይትቕተል፤ ኣይ ትዘሙ፤

ኣይትሰረቕ፤ ብሓሶት ኣይትመስክር፤ ኣቦኻን እኖኻን ኣኽብር፤ ንብፃይካውን ከም ንፍስኻ ኣኽብር

ብሎ።“ ማቴ ፡ 19 ፡ 16።ማር 10 ፡ 13 – 31 ። ሉቃ ፡ 18 ፡ 15 -30 ። ዮሐ ፡ 6 ፡ 28። ግብ

/ ሐ/ 2 ፡37 --- ፣ 9 ፡ 6 ፣ 16 ፡ 25 – 40 ።

2/ ንስሓ ኣቲኻ ቅዱስ ቍርባን ምቕባል ። “ --- ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ፤ እምበኣር

ምእንቲ እቲ ሓላፊምግቢ ዘይኮነስ፣ ምእንቲ እቲ ወዲ ሰብ ዝህበኩም፣ንዘለኣለም ህይወት

ዝኸውንምግቢ ፀዓሩ።--- “ ዮሐ ፡6 ፡ 25 – 58 ። 1ይ ቆሮ ፡ 11፡ 23 -30 ።

3/ ናይ ንስሓን፣ፆምን፣ ጸሎትን፣ስግደትን፣ምፅዋትን መንፈሳዊ ጥቕሚ ፈሊጥካ ብግቡእ ተጠቃሚ

ምዃን። ማቴ ፡ 6 ። ሉቃ ፡12 ፡33 ፤ 11 ፡2 -4 ። 1ይ ጢሞ 6 ፡ 17 – 19። ማቴ 19 ፡ 16 – 19 ።

4/ ሕግታትን ትእዛዛትን እግዚኣብሔር ምኽባር። "ነዚ ኹሉ፣ ዝእዝዘኩም ዘለኹነገር፣ተጠንቂቕኩም ፈጽምዎ፤ ኣብ ልዕሊኡ ሓደ ኣይተወስኹ፥ካብኡውን ሓደኳ ኣይ ተጒድሉ ።" ዘዳግ ፡ 12 ፡ 32.።መዝ ፡112 ፡ 1 ። 1ይ ዮሐ ፡ 2 ፡3 ። ዘፀ ፡ 20 ፡ 1 – 17 ። ማቴ ፡ 5

፡ 17 – 48። ሮሜ ፡ 2 ፡ 12 – 16 ። ራእ ፡ 2 ፡ 19 ። ገላ ፡ 5 ፡14 ። ሮሜ ፡ 13 ፡8 – 10 ። መጽ ፡ ም ፡ 3 ፡1 ።

5/ ፍቕሪ እግዚኣብሔርን ፍቕሪ ወገንን። " --- ኢየሱስ ከዓ፣ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ፣ ብምሉእ ልብኻ፣ ብምሉእ ንፍስኻ፣ ብምሉእ ሓሳብካ ኣፍቅሮ ፤ እታ ዓባይን ቐዳመይትን ትእዛዝ፣ እዚኣ እያ። እታ እትመስላ ኻልኣይታ ድማ፣ንብፃይካ ኸም ነፍስኻ ኣፍቅሮ እትብል እያ። ኹሎም ኣሪትን ነቢያትን ፣ኣብዘን ክልተ ትእዛዛት እዚኣተን ተጠሪፎም ኣለዉ፤ ብሎ።" ማቴ ፡ 22 ፡34 – 40 ። ዮሐ ፡ 13 ፡ 34 ። 1ይ ቆሮ ፡ 13 ፡ 1- 13 ። ሮሜ ፡ 8 ፡ 31 – 39፤ 12 ፡ 9 ፤ 13 ፡ 8 - 10. ገላ ፡ 5 ፡14 ። 1ይ ዮሐ ፡ 4 ፡7 -21 ። 1ይ ቆሮ ፡ 1 ፡10 ።

6/ ዓሥራት በኲራት ምኽፋል። ዘፍ ፡ 14 ፡ 17 – 20። ነዚይውን ኣብ ሠለስተ ኽፍሊ መዲብ ካ ዝረአ እንትኸውን፣ ንሱውን፣

ሀ/ ዕሽረን(ዓሥራት) ምኽፋል ናይሓደ ኣማኒ ግዴታ ምኳኑ፣" ኹሉዓሥራት ምድሪ ወይ ዘር ኢ ምድሪ፣ወይ ፍረ ኦም፣ንእግዚኣብሔር ዝተቐደሰእዩ።"ዘሌ፡ 27 ፡30 –34። ዘዳ 12 ፡ 6 -7። ለ / ዕሽረን ( ዓሥራት ) ዘይምኽፋል፣ ናይ እግዚኣብሔር ገንዘብ ምስራቕ ምዃኑ፤"---ናባይ ተመለሱ፤ኣነውን ናባኻትኩም ክምለስ እየ ይብል ጐይታ ሠራዊትእግዚኣብሔር።ንስኻትኩ ም ግና፣ብኸመይ ኢና እንምለስ? ትብሉ ኣለኹም። ሰብዶ ንእግዚኣብሔር ይሰርቆ እዩ!? ንስ ኻትኩም ግናትሰርቁኒ ኣለኹም።ንስካትኩም ግና ኸመይ ኢና ዝሰረቕናካ? ትብሉ ኣለኹም፤ ብዓሥራትን ብበኹራት እዩ።--- " ሚል ፡ 3 ፡ 6 – 12 ።

ሐ / ናይ እግዚኣብሔር ንእግዚኣብሔር መሃብ ከም ይግባእ።

"--- ኢየሱስ ድማ፣---እምበ ኣር ናይ ቄሳር ንቄሳር ናይ እግዚኣብሔር ድማ፣ንእግዚኣብሔር ሃቡ በሎም።" ማቴ ፡ 22 ፡ 15 -22።

7/ ትሕትና። ሃንቲ ነገር ናይ ባዕልኻ ጥቕሚ ብምቕዳም፣ ወይ ንከንቱ ውዳሴኢልኩም፣ ኣይትግበሩ። እኳ ደኣ ትሕትና ብምልባስ፣ እቶም ካልሎኦት ካባካትኩም ከምዝበልፁ ጌርኩም ቑፀሩ።"ፊል ፡2 ፡1– 5። ማቴ ፡ 18 ፡1 ። ማር ፡ 9 ; 33 – 37 ። ሉቃ ፡ 9 ፡46 – 48 ።

8/ ምሕረት ( ይቕረ በሃላይነት )“ንሰባት በደሎምእንተ ሓዲግኩምሎም፣ንኣኻትኩም ድማ ሰማያዊ ኣቦኻትኩም በደልኩም ክሓድገልኩም እዩ።ንሰባት በደሎም ይቕረ ኣንተ ዘይልኩም ሎም ግና፣ንኣኻትኩምውን ኣቦኻትኩም፣ በደልኩም ይቕረ ኣይብለልኩምን።”

ማቴ ፡ 6 ፡ 14- 15። ያዕ ፡ 2 ፡ 13 ።

9 / ብሓቅን፣ብቕንዕናን ምንባር። “ ነገርኩም፣እወ፣ እወ። ወይ ከዓ ኣይኮነን፣ ኣይኮነን፣ ይኹን።ካብዚ ዝሃለፈ፣ ግና ካብቲ ኽፉ እዩ።” ማቴ፡ 5 ፡ 37 ። ሉቃ ፡ 3 ፡10 . 8 ፡ 11። ዮሐ ፡ 8 ፡31 ። ግ/ሐ/ 2 ፡38 ። ዕብ ። 4 ፡13።

10 / ጋሻ ምቕባል፣ንዝሓመመን ዝተኣሰረን ምጥያቕ፣ንዝፀገሞ ምሕጋዝ።“ ---ኣቱም ናይ ኣቦይ ቡሩኻት፣ ዓለም ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ዝተዳለወልኩም መንግሥተ ሰማያት ክትወርሱ ናባይ ንዑ። ጠምየ ኣብሊዕክሙኒ፣ ፀሚአ ኣስቲኽ፣ጋሻ ኾይነ ተቐብልክሙኒዓሪቐ ኽዲንክ ሙኒ፣--- ኢኹምእሞ።“ ማቴ ፡25፡ 31 – 46 ። ዘፍ ፡ ም/18። 2ይ/ ቆሮ ፡ 8 ፡ 7 ።

11/ ፍትሒ ዘይምጉዳል ( ኣድላዊ ዘይምኻን። “ ኣቱም ኣሕዋተይ፣ በቲ ናይ ኽብሪ ጐይታ ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስዘሎ እምነት፣ገፅ ሰብ ሪኹም፣ ኣድልዎ ኣይትግበሩ፤--- ። ያዕ ፡ 2 ፡ 1 – 4 ።

12/ ብፀቢብ በሪ ምጕዓዝ። ( ብፅኑዕ እምነት ምንባር ) “ በታ ፀባብ በሪ እተዉ፤ እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ በሪ፣ ገፋሕ፣ መንገዳውን ሰፊሕ እዩ እሞ፣ እቶም ናብኣ ዝኣትዉ ብዙኃት እዮም። እታ ናብ ሕይወት እትወስድ በሪ ግና፣ ፀባብ እያ፤መንገዳውን ቐጢን እዩ፤ እቶም ዝረኽቡዋ ኸዓ፣ ውሑዳት እዮም።” ማቴ ፡7 ፡ 13 ። መጽ/ ም/ 14 ፡ 12። ኤር ፡ 6 ፡16 ።

13/ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር እሙን ንምኻን ምፅዓር።

“እቲ በብጊዜኡ ምግቦም ክህቦም ኢሉ ጐይታኡ ኣብ ልዕሊ ቤተሰቡ ዝሰሞ እሙንን ለባምን ኣገልጋሊ መን እዩ? እቲ ጐይታኡ ምስ መፀ ከምዚ እናገበረ ዝረኽቦ ኣገልጋሊ ብፁዕ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኹሉ ንብረቱ ከም ዝሸሞ፣ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።---።“ ማቴ ፡ 24 ፡45፣25 ፡ 1 -54 ።ሉቃ ፡ 19፡ 11 – 21. ግብ / ሓ/ ም 7 ።2ይ ጢሞ ፡ 2 ፡ 1።

14/ ኣብ ጊዜ ፈተና ምፅናዕ። “ ኣቱም ፍቑራተይ! ከም ሓዊ ዘቃፅል ፈተና ኽረኽበኩም እንተሎ፣ ሓዱሽ ነገር ከም ዝበፅሐኩም ኼንኩም ኣይትገረሙ። ናይ ክርስቶስ መከራ ኽትካፈሉ እንተለኹም ግና፣ ተሓጐሱንሱ ብግርማ ኽግለፅ እንተሎ፣ የመና ክትሕጐሱ ኢኹም፤---”። ( 1ይ ጴጥ ፡ 4 ፡12 ። ያዕ ፡ 1 ፡ 12 – 15 )

15 / እግዚኣብሔር ብዝሃበካ ጸጋ፣ሕጉስ ኴንካ ምንባር። 1ይ ቆሮ ፡ 7 ፡ 17 ።

16 / ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ፀኒዕኻ ምንባር። መዝ ፡ 112 ፡ 1 ። 2ይ ቆሮ 9 ፡ 9።

17 / ልግስናን ፅቡቕ ባህርይን። 2ይ ቆሮ ፡ 8 ፡ 1 ፣ 9 :6። ሮሜ :12 ፡ 1 -21 ።

18 / ትዕግስቲ፣ መንፈሳዊ ጥበብን ምስትውዓልን። ማቴ :10 ; 16 ።ሮሜ ፡ 16 ፡ 19 ።

ያዕ ፡ 3: 13 ፣ 5 :7። መዝ ፡ 111 ፡ 10 ። ኢዮ ፡ 28 ፡ 28 ። መጽ/ ም/ 9 ፡ 10 ።

20 / ቅድስና። 1ይ ጴጥ ፡ 1 ፡ 13 ። ኤፌ ፡ 4 ፡ 1 - 6 ። ቄላ ፡ 3 ፡ 1 ።

( ፍረ መንፈስቅዱስ ፡ ገላ ፡ 5 ፡ 22.) ( እሞኸ፣ ሓቂ ስለ ዝነገርኩኹምዶ ፀላኢ ኾይነኩም እየ? ገላ፡ 4

፡ 16 ። ===================================================================

1/ ቁርባን።

ቁርባን፣ ወዲሰብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ንኽረክብ፣ ካብ ፈጣሪኡ ዝተውሃቦ ናይ ሕይወትን ናይ ድኅነትን

መንገዲ እዩ ። ሰብ ኣሚኑ፣ ተጠሚቑ ንዘረኸቦ ናይ ሥላሴ ውሉድነትን ዘለዓለማዊ ድኅነት፣

ማኅተሙን መረጋገጺኡን ቅዱስ ቍርባ’ዩ። ካብ ዘለዓለማዊ ኲነኔ ድኊንካ ዘለዓለማዊ ሕይወት

ምርካብ ዝከኣል፣ ቅዱስ ሥጋኡን ክቡርደሙን ብምቕባል ካምዝኾነ ዘረጋግፀልና፣ባዕሉ ጐይታና

ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። “--- ሥጋ ወዲ ሰብ እንተዘይ በሊዕኹም፣ደሙ እውን እንተ ዘይሰቲኹም፣

ናይ ዘለዓለም ሕይወት ካም ዘይብልኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ

እውን ዝሰቲ ናይ ዘለዓለም ኣለዎ። --- እቲ ሥጋይ ዝበልዕ፣ ደመይ እውን ዝሰቲ ኣባይ ይነብር ።

ኣነ’ውን ኣብኡ እነብር።“( ዮሐ ፡ 6 ፡ 25 – 59። 1ይ ቆሮ ፡ 11 ፡ 23 – 30 )

※ ሓቁ ኽምዙይ ኾይኑ እናሃለወ ግና፣” ኣነኮ ሥጋኡን ደሙን ንምቕባል ብቑዕ፣ ብቕዕቲ ኣይኮን ኩን

ብዝብል ግጉይን ዘይጠቅምን ምኽንያት፣ መድኃኒቱ ካብ ዝኾነ ካብ ቅዱስ ቍርባን ርሒቑ ዝነብር

ሰብ ብዙኅ እዩ።እዛ ምኽንያት እዚኣ ግና ተቐባላይነት ዘይብላ፣ናይ ጥፍኣት ምኽንያት ደኣምበር፣

ፈጺማ ትጠቅምን ተድኅንን ምኽንያት ካም ዘይኾነት፣ምፍ ላጥ ይግባእ።

※ ካብ ፈራዲ ንላዕሊ፣ መመሓየሺ ከህብ ዝኽእል ማንም ከምዘየለ እናተፈለጠ፣ ኃጥያ ተኛታት

ንስሐ ኣትዮም ሥጋሁ ወደሙ ክቕበሉ ብቑዓት ኣይኮኑን።እሞ፣ እንድኅርደኣ ምክንያት ሃልዩኩምስ

ቅዲስ ቁርባን ንምቕባል ብቁዓት ኣይኮንኩምን እሞ ካሥጋሁ ወደሙ ርሓቑ ዝብል ቀኖና ዘየሎ

ምኻኑ እናተፈለጠ፣ ኢቀኖናዊ ብዝኾነ ምኽንያት ብቑዕ ኣይኮንኩን እናበልካ ንነብስኻ እናታለልካ

ምንባር፣ ድራር ሰይጣን ካብ ምኻን ዝሓለፈ ኻልእ ትርጉም ክነብሮ ኣይኽእልን። እዛ ኽም ዚኣ

ዝበለት ምኽንያት፣ካብ ሥጋዊ ፍትወት (ትምኒት) እትወለድ ናይ ሞት ፍረ እያ።ቅዱስ ቃሉ

ኽምዙይ ይብል።

”ወውእቱሰ ኢያሜክር ወኢመነሂ ። ኣላ ኣሓዱ ኣሓዱ ይትሜከር በፍትወተ እንቲኣሁ ።---ወፍትወሰ

እምከመ ፀንሰት ትወልዳ ለኃጢኣት ። ወኃጢኣትኒ እምከመ ተፈጸመት ትወልዳ ለሞት። - ነፍሲ

ወከፍ ግና ብትምኒቱ ተስሒቡን ተታሊሉን እዩ ዝፍተን። ድሕሪ’ዙይ፣ ትምኒት ምስ ጠነሰት ንሓጥያት

ትወልዳ። ሓጥያት ምስ ዓበየት ድማ፣ንሞት ትወልዳ።” ( ያዕ ፡1፡14